# ኣኼባ ስርዒታውያን ሓለፍቲ ሰልፊ ዲሞክራስን ሰልፊ ህዝቢ ኤርትራን ኣብ ፍራንክፎርት ተሰላሲሉ

15.12.2008

ኣብ ጀርመን ዝርከቡ ስርዒታውያን ሓልፍትን ቦታውያን ኣባላት ሽማግለ ሓባራዊ ስራሓትን ዝተሳተፍዎ ኣኼባ ክልቲኡ ኣሓት ሰልፍታት ብዕለት 13 ታሕሳስ 2008 ኣብ ከተማ ፍራንክፎርት ኤርትራዊ ማእከል ተሰላሲሉ። ዕላማ ናይቲ ኣብ መንጎ ስርዒታውያን ሓለፍትን ቦታውያን ሽማግለታት ክልቲኡ ሰልፍታትን ዝተኻየደ ኣኼባ፥ ሕድሕዳዊ ምልላይን ኣብ መንጎ ስርዒታውያን ሓለፍትን ቦታውያን ሽማግለታትን ዘሎ ናይ ስራሕ ዝምድናን ሓባራዊ ዕማማትን፡ ክሳብዚ ግዝያትዚ ብላዕለዎት ኣካላት ዝተሰላሰሉ ስራሕት ንምሕባርን ኢዩ ነይሩ። ይኹንበር፡ ብዙሓት ኣባላት ሰልፊ ህዝቢ ኤርትራ ብኻልእ ሰልፋዊ ስርሖም ኣብቲ ቦታ ስለዝነበሩ፥ ኣብቲ ሓባራዊ ኣኼባ ምስታፎም፡ ነቲ ኣኼባ ዝያዳ ሃብታምን ሓጋዝን ከምዝገበሮ ተሓቢሩ።



ሓባራዊ ኣኼባ ብሓው ኣማኒኤል ሓጎስን ንጉሰ ጸጋይን ኣባላት ኤውሮዓ-ለኸ ኣካያዲት ሽማግለ ዝተመርሐ ኰይኑ፡ ሓው ኣማኒኤል ሓጎስ፡ ነቲ ብኣካያዲት ኣካል እተተለመ ተግባራዊ ዕማማትን፡ ኣብ መንጎ ኣባላት ክልቲኡ ሰልፍታትን ህዝብን ንዝካየድ ስራሓት እትምእክልን እትከታተልን ምቛም ኤውሮጳ ለኸ ኣካያዲት ሽማግለን ስራሓታን፡ ውጽኢት ክሳብዚ ግዜዚ ዘካየደቶም ስሩዕ ዝኾነ ሰለስተ ኣኼባታትን፡ ንተበጺሑ ዘሎ ስምምዕን ሓድነታዊ ጉዕዞን ንምዕዋቱ ካብ ነፍሲ-ወከፍ ኣባል ኮነ ደላይ ሓድነት ዝኾነ ዜጋ ክገብሮ ዘለዎ ጻዕርን ተወፋይነትን ኩሉ መዳያዊ ምንቅስቓስን፡ ክግበር ዝግብኦ ሕድሕዳዊ ርኽክብን ንኣኼበኛታት ብዝርዝር ኣቕሪቡ። ምስዚ ብምትሕሓዝ ኣብ ኤውሮጳ ኣብ ነፍሲ-ወከፍ ሃገርን ዞናን ካብ ተራ ኣባላት ዝተመዘዙ ንሓድነታዊ ስራሓት ዘተግብሩ ጨንፈራዊ ሽማግለታት ቈይሞም ምህላወምን ምስናይ ዝርዝር ኣስማቶም ገሊጹ።

ቀጺሉ ሓው ንጉሰ ጸጋይ፡ ኣብ ዝሓለፈ መጋቢት 2008 ንዝተበጽሐ ሓባራዊ ስምምዕ ክልቲኡ ሰፍልታትን፡ ንሓባራዊ ስራሓት ክዕንቅፍ ዘይኽእል ግን ከኣ፡ ነጥበ ፍልልያት ዝመስል ዝነበረ ገለ ነጥብታት፡ መስራትን ቀዳማይን ጉባኤ ሰልፊ ህዝቢ ዘማዓራረዮ ውሳኔታት ምህላዉን ንሓድነታዊ ጉዕዞ ኣሓት ዝኾና ሰልፍታት ዝያዳ ከቀራርብን ንብዙሕ ካብ ፍልልያት ተባሂሉ ዝነበረ ነጥብታት ምጽባቡን ድሕሪ ምሕባር፡ ተበጺሑ ዘሎ ስምምዕ ንክዕወት ግደ መሰረታት ክልቲኡ ሰልፍታት ኣገዳሲ ምዃኑን፡ ኣብ ተግባራዊ ስራሕ ዝጽበዮም ዘሎ ዕማማትን መብርሂ ኣቕሪቡ። እዚ ጥራሕ ዘይኮነ፡ መሪሕነት ንሓድነታዊ ጉዕዞ ንቅድሚት ክደፍእ እንተደኣ ኰይኑ፡ ድልየትን ስምዒታትን ኣባላቱ ኣብቲ ዝካየድ መስርሕ ኣገዳሲ ስለዝኾነ ብሓበሬታን ሓገዝቲ ርእይቶታትን ሓሳባትን ከስንቕዎ ከምዝግባእ ሓቢሩ።



ድሕርዚ፡ ካብ ኣኼበኛታት ንዝቐረበ መብርሂ ዝደሊ ሕቶታት ግቡእ መልሲ ተዋሂብዎ፡ ህዝብና ንምድሓን ነዚ በዅሉ ዝመስል ዘሎ ቃልሲ ከነቀላትፎን ክንደፋኦን ከምዝግባእ፡ ኣብዝተፈላለየ



ቦታታት እንርከብ ኣባላት ካብ መሪሕነት መምርሒ ክንጽበ ጥራሕ ዘይኮነስ ባዕልና ሓባራውን መላለይን ስራሕ ክንፈጥር የድልየና፡ ኣብ መርበብ ሓበሬታ ክልቲኡ ሰልፍታት ዝወጽእ ጽሑፋት ብግቡእ ምክትታል ከምዘድልዮን፡ ንጥፈታት ዝገልጽ ስንቂ ሓበሬታ ቀጻሊ ክኸውንን፡ ዝብሉ ኣገደስቲ ለበዋታትን ሓሳባትን ተኻፊልቲ ኣኼባ ብምስማዕ፥ ኣኼባ ብሓባራዊ ምርድዳእ ተደምዲሙ።